# ፕሮግራም ጸዓት

ዓቢ ሓላፍነት ዚሓትት ተለዋዋጢ ስራሕ ኪህልወካ ትደሊ'ዶ?
ብኣዝዮም እዋናውያን ዝኾኑ ሕቶታት ተገዲስካ ክትሰርሕ ትደሊ'ዶ?
ኣብ መጻኢ ናትካ ትካል ከተውጽእ ኣኽእሎ ኪህልወካ ትደሊ'ዶ?
ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምስወዳእካ፡ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር'ዶ ትደሊ?
ወጻኢ ኬድካ ናይ ምምሃር ወይ ምስራሕ ዕድል ኪህልወካ'ዶ ትደሊ?
እሞ ፕሮግራም ጸዓት ምናልባት ይሰማምዓካ ይኸውን።

ኣብዚ ፕሮግራም፡ ኣብ መዳያት ጸዓት፡ ህንጻ፡ ሙቐት፡ መርውሕ (ቨንቲሌሽን)፡ ሓለዋ-ጽሬት፡ ተክኒክ ምዝሓል ዚምልከቱ ተክኒካዊያን ኣገባባት ክትሰርሕ መሰረታዊ ስልጠና ትቐስም። እዚ ኸኣ ሰፊሕ ስለዝኾነ፡ ንዓኻ ዚበቕዑ ዕድላት ስራሕ ክትረክብ ጽቡቕ ዕድል ኣሎካ። ኣብ ቲቪ እንተርኢኻ ወይ ጋዜጣ እንተንቢብካ፡ ዝዓበየ ክፋል ዜናን ክትዕን ንጸዓት ከምዝምልከት ትርዳእ። ሓልዮት ከባብን ዳግመ-ምጥቃምን ኣገዳሲ ክፋል እዚ ትምህርቲ'ዩ። ንስኻን መማህርትኻን፡ ብሓገዝ ቴክኒክ፡ ከመይ ጌርካ ነባሪ ማሕበረ-ሰብ ከምትፈጥር፡ ብሓደ ኮይንኩም ትዝትዩ።

ኩሉ'ቲ ኣብ ፕሮግራም ጸዓት ትመሃሮ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍለ-ዓለማት ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። ስለዚ፡ ፍልጠት ቋንቋን ሌላን ርድኢትን ኣብ ካልኦት ሃገራትን ባህልታትን ምስዚህልወካ፡ ኣብ ዝደለኻዮ ቦታ ከድካ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ ማለት'ዩ።

## ትምህርቲ ምቕጻልዶ ይሓይሽ ወይ ስራሕ ምጅማር

ፕሮግራም ጸዓት እንተመሪጽካ፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትኻ ዛዚምካ ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ። እንታይ ዓይነት ስራሕ ትረክብ ብዝወሰድካዮ ኣንፈት ትምህርትን ዓይነት ኮርሳትን ኢዩ ዝውሰን። ሓደሓደ እዋን ከም ተልመደን ኮንካ ንሒደት ዓመታት ትሰርሕ።

## ክትረኽቦ ትኽእል ዓይነት ስራሕ

ፕሮግራም ጸዓት ተማሂርካ ክትረኽቦም ትኽእል ስራሓት ከም መካኒክ፡ ዓራያይ፡ ተክኒሻን፡ ኣላይ-ህንጻ፡ ኣኣንጋዲ ኣለዉ።

ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ እንተተማሂርካ፡ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ስራሓት ክትረክብ ገፊሕ ዕድል ኣሎካ።
እንታይ ዓይነት ስራሕ ከምእትደሊ ካብ ሕጂ ጀሚርካ ትፈልጥ እንተኾንካ፡ ነማኻሪ ትምህርትን ሞያን ተወኪስካ ብዛዕባ ዘድለዩኻ ዓይነት ኮርሳትን፡ ኣንፈት ትምህርትን ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ትሕዝቶ ፕሮግራም

ፕሮግራም ጸዓት ዝተፈላለዩ ኮርሳት ዘጠቓለለ እዩ። ገለገለ ካብቶም ኮርሳት ኣብ ላዕላይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንዝሳተፉ ተመሃሮ ግዴታውያን እዮም። ገለገለ ድማ ንፕሮግራም ፕሮግራም ጸዓት ጥራይ ዝምልከቱ እዮም። ሒደት ኮርሳት ድማ ብድላይካ ይምረጹ።

ፕሮግራም ጸዓት ሰለስተ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት ኣለዋ። ስለዚ ኩሎም ኣብዛ ሃገር ጸዓት ዝመሃሩ ክመርጽወን ይኽእሉ ማለት'ዩ። ኣብ ገለገለ ቦታታት ንመደብካ ዝሰማምዐ ሓያለ ኣንፈታት ኪህልዉ ይኽእሉ እዮም። ነማኻሪ ትምህርትን ሙያን ተወከስ!

እተን ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት፡

- ቴክኒክ ኣለይመለይ - ነቶም ኣብ መስርሕ ኢንዱስትሪ ወይ ተክኒክ ማይን ከባብን ብኣለይመለይ ህንጻ ወይ ትካል-ጸዓት ኪሰርሑ ዚደልዩ

created using BCL easyPDF Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image

- ቴክኒክ ጉዕዞ-ማይ - ነቶም ኣብ መዳያት ጉዕዞ-ማይ ኣብ ባይታ መርከብ ወይ ኣብ ክፍሊ-ማሽን ኪሰርሑ ዘደልዩ

- ቨቨኤስ (ሙቐት/ቨንቲለሽን/ጽሬት) ተክኒክ-ቀዝሕን - ነቶም ኣብ መዳያት ምትእትታውን፡ ኣገልግሎትን ኣለይመለይን ቴክኒካውያን መሳርዕ ኪሰርሑ ዘደልዩ

## ሌላ ምስ ሞያዊ ናብራ

ፕሮግራም ጸዓት እንተተመዲብካ ገና ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከሎኻ ኢኻ ምስ ሙያዊ ዓለም ትላለ። እንተወሓደ ናይ 15 ሳምንታት ኣብ ኣብያተ-ስራሕ ዝተወዘዐ ስልጠና (ኣፑ) ኣሎካ። እዚ ስልጠና'ዚ እታ ቤ/ትምህርቲ ምስ ኣብ ጥቓኻ ዚርከባ ትካላትን ካልኦት ኣብያተ-ስራሕን ተሓባቢራ እተቕርቦ'ዩ። ብኡ ኣቢልካ ድማ ምስ ዝተፈላለየ ንኣሽቱን ዓበይትን ትካላት ሌላ ትገብር። እዚ ርክብን ሌላን ከኣ ድሒርካ ስራሕ ኣብ ትደልየሉ እዋን ደገፍ ይኾነካ። ኣብቲ ንስኻ እትቕመጦ ቦታ ዘለዋ ትካላት እንተደኣ ፍሉይ ስልጠና ዘለዎ ሰራሓተኛ ኣድሊዩወን እታ ቤ/ትምህርቲ ነዚ ኣብ ግምት ኣእትያ ነቲ ዚወሃብ ትምህርቲ ከተተኻኽሎ ትኽእል'ያ። እዚ ስልጠና'ዚ ካብ ሽወደን ወጻኢ ኣብ ካልእ ሃገር ክትገብሮ እንተደሊኻ'ውን ኣኽእሎ ኣሎ።

## መጻኢ ግዜን ስራሕን

ኣብ መዳያት ጸዓት ብዙሓት ክኢላታት ከድልዩ'ዮም። ሓደስቲ ምንጭታት ጸዓት ከድልዩ'ኦም፡ እቶም ዝበለዩ ድማ ተሓዲሶም ስሉጣት ኪኾኑ ግድን'ዩ። ፕሮግራም ጸዓት ተማሂርካ ምስ ወዳእካ ብቐሊሉ ስራሕ ትረክብን ዘይትረክብን በቲ ዝወሰድካዮ ኣንፈት ትምህርትን፡ ትምህርቲ ኣብ ምኽጻል ዘለካ ቅሩብነትን ኢዩ ዚውሰን። እንተደኣ ብቨቨኤስ ቴክኒክ (ሙቐት/ቨንቲለሽን/ጽሬት) ክትስልጥን ድላይ ኣሎካ፡ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ብቐጥታ ስራሕ ክትረክብ ጽቡቕ ዕድል ኣሎካ። ተክንሻን ወይ መሃንድስ ክትከውን መደብ እንተሎካ ግን ስራሕ ክትረክብ ትምህርትኻ እንተቐጸልካዮ ይቐለልካ።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image